ፍራንክፉርት፡ ጀርመን
18 ለካቲት 2023

## *ኤርትራ ሲምፖዝዩም 2023*

## *ምውሓስ ድሕነትን ልዑላውነትን ኤርትራ*

ኣምባሳደር ዓንደብርሃን ወልደጊዮርጊስ

### *መኽፈቲ መደረ*

ዝኸበርኩም ተሳተፍቲ *ኤርትራ ሲምፖዝዩም 2023*፡

ሰላም፡ ደሓን ዶ ሓዲርኩም፧ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም።

ምዉቕ ሰላምታ ብምቕዳምን፡ 2023 ንዅላትናን ንህዝብናን ዓመተ ጸጋን ራህዋን ኪትኮነልና፡ ዳግም፡ ሰናይ ትምኒተይ ብምግላጽን፡ ሲምፖዝዩምና ክጅምር እፈቱ። ኣስዒበ፡ ኣብዚ ቀኍመና ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ወሳኒ ህሞት ዘለወሉ እዋን ዚካየድ ዘሎ ሲምፖዝዩም ንምስታፍ ካብ ካናዳ፡ ኤውሮጳን ኣመሪካን ብምምጻእኩም ኣመስግን።

ኣብዚ ኣብ ትሕቲ *ምውሓስ ድሕነትን ልዑላውነትን ኤርትራ* ዚብል ቴማ ብዛዕባ ህሉው ኵነታት ናይታ እነፍቅራ ሃገርና ንምዝታይ ኰነ ግዝኣተ ሕጊ ንምትካል ኣድማዒ ጥብቅና ብምስልሳል ድሕነታን ልዑላውነታን ኣብ ምውሓስ ኣበርክቶ ንምግባር፣ ሓባራዊ ስራሕ ዘኽእል ሓባራዊ ባይታ ንምጥጣሕ ተኣኪብና ኣለና።

ንልዕሊ ስድሳ ዓመታት፡ ህዝቢ ኤርትራ ዚተናውሐ ኲናት ሃገራዊ ሓርነት፡ ዘቤታዊ ጭቈናን ግዳማዊ ወራርን ተጻዊሩ። ደድሕሪ ዓወት ብረታዊ ቓልስን ሓሙሽተ ዓመታት ናጽነትን፡ እቲ ድርብ ሓደጋ ዘቤታዊ ጭቈናን ግዳማዊ ወራርን ንህዝቢ ኤርትራ መሰረታዊ ሰብኣዊ ድሕነት ኣሐሪሙ፡ ሰብኣዊ ኵነታቱ ኣጋዲዱ።

መንግስታዊ ስልጣን መንጢሉ ኣሰጋጋሪ መዝነቱ ብምጥሓስ፡ ሓደ ሓሳድ ውልቀ-መላኺ ንህዝቢ ኤርትራ ከም መጋበርያ ኪሕዝ፣ ንኤርትራ ከም ብሕታዊ ጕልቱ ከመሓድር፣ ንመንግስታዊ ሃብትን ሃገራዊ ጸጋታትን ከም ውልቃዊ ንብረቱ ኪዕድል፣ መሰረታዊ ሓርነታትን መሰላትን ዜጋታት ኪሕርም ጸኒሑ። ህዝብና ኣብቶም ንህይወቱ ዘመሓድሩን ንመነባብሮኡ ዚውስኑን ሜላታትን ተግባራትን መንግስቲ ዚኾነ ድምጺ የብሉን። እቲ ስርዓት፡ ኣብ ትሕቲ ምህሙን ጕልባብ ናይ ሃገራዊ ድሕነት፡ ኣረሜናዊ ምልኪ ኣንቢሩ፣ ፖለቲካውን ቍጠባውን መኣዲ ዓጽዩ፣ ሃገር ነጺሉ። ነቲ ብርኩት ሃገራዊ ጸጋታት ኰነ ኣገዳሲ ጀኦስትራተጅያዊ፡ ጀኦቍጠባውን ጀኦፖለቲካውን ብልጫታት ኤርትራ ብምጥቃም፡ ሃገር ከማዕብል ይኹን መነባብሮ ህዝቢ ከመሓይሽ ኣይከኣለን።

ክንዲ ዚኾነ፡ ኣብ ኣተኣላልያ ሃገራዊ ጒዳያት፡ ኣከያይዳ ዋኒን መንግስትን መንግስታዊ ፋይናንስን ለውጢ የድሊ ኣሎ። ግሉጽን ተሓታትን ኣመሓዳድራ ኣታዊታትን ወጻኢታትን መንግስቲ ኪህሉ ይግባእ። ኣታዊታ ናይቲ ልዑል እቶት ዘለዎ ጽላት ዕደና ኣብ መዓላ ምብርባርን ዳግም ምህናጽን ናይቲ ዚዓነወ ናይ ኩፖን ቍጠባ ኪውዕል ይግባእ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ኣደራዕ ምምእራር ድራር ዕለት ብትኳቦ መቕነን ኪገላገል ኣለዎ።

ወጅሂ ህዝብና ብሕሰም ተደዊኑ፤ ከተማታትናን ወደባትናን ኣብ ኵነተ ቍንቈና ተሸሚመን ኪማስና፣ ትርኢቱ ዚተደወነ ህንጻታተንን ዚተበዃጐለ ጽርግያታተንን ኣብ ፍጹም ብልሽት ኪርከብ ነቲ ስርዓት ዘነውር ተርእዮ ኢዩ። ነቲ ኣብ ዕቤት ሃገራዊ ቍጠባ ልዑል ኣገዳስነት ዘለዎ ጽላት ህንጻ ንነዊሕ እዋን ተነቢሩ ዚጸንሐ እገዳ ብቕጽበት ብምልዓል፡ እቲ ዘሎ ኣዋጣሪ ሕጽረት መንበሪ ኣባይቲ ኪፍታሕ ይግባእ። ነቲ ንነዊሕ እዋናት ዚቕጽል ምቍራጻት መኸተምታ ንምግባር፡ ህጹጽ ምሕዳስ ስርዓተ ቀረብ ኰነ ዕደላ ጸዓትን ማይን ኪግበር ይግባእ። ወደባት ኤርትራ፡ ከምቲ ግቡእ፡ ልዑል ኣታዊታት መታን ከፍርያ፡ ብቕልጡፍ ተሓዲሰን ኣብ መዓላ ብቑዕ ኣገልግሎት ከም ዚውዕላ ምግባር ይግባእ።

ጅግና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ነቲ ኣብ ወሰናስን ዶብ ተጐቢጡ ዚጸንሐ መሬት ኤርትራ ሓራ ኣውጺኡ፣ ንሓደ ምንጪ ህላዌኣዊ ስግኣት ግዝኣታዊ ምሉእነት፡ ልዑላውነትን ድሕነትን ሃገረ ኤርትራ ኰይኑ ዚጸንሐ ጒጅለ፡ ብውሑዱ ንግዜኡ፡ ኣልዩ ወይ ኣዳኺሙ ኣሎ። እቲ ታሪኻዊ ዓወት ንሃገራዊ ድሕነት ሃገረ ኤርትራ፡ ግዝኣታዊ ምሉእነት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኰነ ንርግኣት ናይቲ ዞባ ብዓቢኡ ህያው ኣበርክቶ ገይሩ። ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ነቲ ንዕኡ ዒላማ ዚገበረ፡ ኣብ ኣቐዲሙ ዚተወጠነ ብህሎታት ናይ ጽንተት፡ ጾታዊ ዓመጽን ዝምታን፡ እንተላይ ምንባር ናይ ዘይፍትሓዊ በይናዊ እገዳታት፡ ዚተመስረተ ወፍሪ ጠቐነ ዚተደፋፍአ ዘይምኽኑይ ጸቕጥታት ብምብዳህ፣ ተልእኾኡ ፈጺሙ፡ ናብ ሃገሩ ብዓወት ተመሊሱ።

እቲ ታሪኻዊ ዓወት ኣብቲ ዞባ ንድሕነት ሃገረ ኤርትራ ዘርብሕ ሓድሽ ኣሰላልፋ ሓይልታትን ሓድሽ ወተሃደራዊ ሚዛን ሓይልን ኣምጺኡ ኣሎ። ድሕነት ሃገረ ኤርትራ ኪበሃል እንከሎ፡ እንታይ ማለት ኢዩ፧

ሃገራዊ ድሕነት ወተሃደራውን ዘይወተሃደራውን መዳያት ኣለዉዎ። ክንዮ ምውሓስ ኣካላዊ ድሕነት ናይ ሓንቲ ሃገርን ህዝባን፡ ሃገራዊ ድሕነት ቍጠባዊ ድሕነት፡ ውሕስነት መግቢ፡ ኣከባብያዊ ድሕነት፡ ውሕስነት ጸዓት ኰነ ሳይበራዊ ድሕነት

የጠቓልል። ትርጉሙ፡ ብቐዳምነት፡ *ድሕነትን ጸጋን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓርነት፡ ሰላምን ራህዋን ዚተማልአ ህይወት ምንባር ማለት ኢዩ።* ትርጉም ሃገራዊ ድሕነት እምበኣርከስ፡ ነንሓድሕዶም ዚመላልኡ ዘይነጻጸሉ ፖለቲካዊ፡ ቊጠባዊ፡ ወተሃደራውን ዲፕሎማስያውን ባእታታት የጠቓልል።

ነቲ ኣምር ብዝያዳ ንምንጻር፡ ብዛዕባ ነፍሲ ወከፍ ናይዞም ተመላላእቲ ባእታታት ሃገራዊ ድሕነት እዚኣቶም ኣሕጽር ኣቢለ ክገልጽ እየ።

ቀዳማይ፡ ፖለቲካዊ ድሕነት፡ ርግኣት ናይ ሓደ ኣብ ሕሱም መድቈስቲ ዘይኰነስ፡ ኣብ ግዝኣተ ሕጊ ዚተመስረተ ማሕበራዊ ስርዓት የመልክት፤ እዚ ከኣ፡ ዘቤታውን ኣህጕራውን ግዝኣተ ሕጊ ማለት ኢዩ። ብጽማቝ ኣገላልጻ፡ ፖለቲካዊ ድሕነት ብኵራት ናይ መንግስታዊ መድቈስቲ፡ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፡ ብሕማቕ ምሓዝ ወይ ምጕስቛል፡ ሃንደበታዊ ጥፍኣት ሃለዋት ማለት ኢዩ። ልዕሊ ኹሉ ድማ፡ ሰብኣዊ ድሕነት ህዝቢ ቀንዲ መሰረት ናይ ፖለቲካዊ ድሕነት ኢዩ።

ሰብኣዊ ድሕነት እንታይ ማለት ኢዩ፧ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንሰብኣዊ ድሕነት ከም *ድሕነት ህዝቢ ካብ ጥሜት፡ ካብ ሕማምን መድቈስትን፡ እንተላይ ካብ ዝርገታት ናይ መዓልታዊ ህይወት* ይገልጾ። እቲ ኣምር ከም ቊጠባዊ ድሕነት፡ ኣከባብያዊ ድሕነት፡ ውሕስነት መግቢ፡ ውሕስነት ጥዕና፡ ውልቃዊ ድሕነት፡ ኮማዊ ድሕነት፡ ፖለቲካዊ ድሕነት፡ ምክልኻል ደቀንስትዮን ውሑዳንን ዚኣመሰሉ ባእታታት የጠቓልል።

ካልኣይ፡ ቊጠባዊ ድሕነት ዚሰፍን ሓደ መንግስቲ ንባህርያውን ሰብኣውን ጸጋታት ናይታ ሃገር ነቲ ሃገራዊ ቊጠባ ንምምዕባል ምስ ዘመሓድር ኢዩ። እቲ ቀንዲ መምዘኒ ቊጠባዊ ድሕነት ናይ ሓንቲ ሃገር፡ እቲ ቊጠባኣ ንዜጋታታ ሸቐለት ንምፍጣር፡ ሃብቲ ንምፍራይ ኰነ ራህዋ ንምጕንጻፍ ዚህሉዎ ዓቕሚ ኢዩ። ብመሰረቱ፡ ቊጠባዊ ድሕነት ነቲ ዓንዲ ሕቖ ሃገራዊ ድሕነት ዘቕውም ዓቕሚ ምክልኻል ሃገር ይውስን። ኮታ፡ ቅርዑይ ቊጠባ፡ ንኤርትራ ኣብቲ ኣብ ዓዘቕቲ ህውከት ዚተሸመመ ተቐያያሪ ዘይርጉእ ጐደቦኣ፡ ከም መሰረት ናይ ቅርዑይ ሃገራዊ ድሕነት ዘገልግል፡ ዘተኣማምን ዓቕሚ ምክልኻል ንምስሳን የኽእል።

ሳልሳይ፡ ወተሃደራዊ ድሕነት ኣብ ዋንነትን ዕቃበን ናይ ኣድማዒ ብቕዓት ግጥም ዘለዎ ዕጡቕ ሰራዊት ከም ግድነታዊ ኣካል ናይ ዘተኣማምን ዓቕሚ ሃገራዊ ምክልኻል ይምርኰስ። ርጉእ ማሕበራዊ ስርዓት፡ ሰፊሕን ምሉእን ሰረት ህዝቢ፡ ሰሳኒ ቊጠባዊ ልምዓት፡ ዘመናዊ ስነፍልጠትን ስነኪነትን ናይ ምጥቃም ዓቕሚ ኪህሉዎ የድሊ። እዚ ድማ፡ ኣብዚ መዋእል ናይ ልዑል ስነኪነት ዚኾነ መበል 21 ክፍለ-ዘመንና፡ ቅስመት፡ ግብራዊ ክእለትን ኣጠቓቕማን ናይ ምዕቡል ስርዓተ ኣጽዋር፡ ዘመናዊ ወተሃደራዊ ስነፍልጠትን ስነኪነትን ይሓቊፍ።

ራብዓይ፡ ተበግሶኣዊ ዲፕሎማሲ ኣገዳሲ መሳርሒ ናይ ሃገራዊ ድሕነት ኢዩ። ዲፕሎማሲ፡ ከም ኲናት፡ መለቀብታ ፖለቲካ ብኻልእ መንገዲ ኢዩ። ብዙሕ እዋን፡ ዲፕሎማሲ ከም መተካእታ ወይ ከም መመላእታ ናይ ኲናት ብኣድማዕነት ይሰላሰል ኢዩ። ከም መተካእታ ኣብ ዚሰላሰለሉ እዋን፡ ኲናት ካብ ምብራዕ ይኹን ተጻብኦታት ካብ ምዕራግ ከድሕን ይኽእል። ከም መመላእታ ናይ ኲናት ኣብ ዚሰላሰለሉ እዋን ድማ፡ ወተሃደራዊ ዓወት ሃገራዊ ድሕነት ከም ዘውሕስ ንምርግጋጽ ይሕግዝ። ኣድማዒ ምስልሳል ፖለቲካዊ ዕላማታት ብኲናት፡ ኣብ ሓደ እዋን፡ ተበግሶኣዊ ዲፕሎማስን ኣድማዒ ዋሕዚ ናይ ቀጻሊ እዋናዊ ሓበሬታን ምውፋር ይሓትት።

ሕጂ፡ ነዞም ኣድለይቲ ባእታታት ናይ ሃገራዊ ድሕነት እዚኣቶም ከም መምዘኒ ብምጥቃም፡ እስከ ነቲ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ጭቡጥ ክዉንነት ንገምግም። እቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ክዉንነት መቸስ ውጽኢት ናይቲ እቲ መንግስቲ፡ ኣብዘን ዚሓለፋ 32 ዓመታት ዚተኸተሎ ሜላን ዚፈጸሞ ተግባራትን ምዃኑ ኣዝዩ ንጹር ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ድሕሪ 32 ዓመታት ናይ ናጽነት፡ ሎሚ *ኣብ ዚተማልአ ህይወት ናይ ሓርነት፡ ሰላምን ራህዋን ዘንብር ድሕነትን ጸጋን* ኣለዎ ዲዩ፧

ንፖለቲካዊ ድሕነት ብዚምልከት፡ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ክዉንነት ኣመና ጽልሙት ኢዩ። ፖለቲካዊ ድሕነት፡ ምህናጽ ናይ ሓደ ኣብ ግዝኣተ ሕጊ ዚተመስረተ ርጉእ ማሕበራዊ ስርዓት ይሓትት። ትግባረ ቅዋም ኤርትራ፡ ግዝኣተ ሕጊ፡ ከም ኣድላዪ ኲነት ንርጉእ ማሕበራዊ ስርዓት፡ ይተክል። ብተወሳኺ፡ ነቲ ፖለቲካዊ መኣዲ ይኸፍት፣ መሰረታዊ ሓርነታትን መሰላትን ህዝቢ ኤርትራ የውሕስ፣ ሰብኣዊ ድሕነት ህዝቢ ኤርትራ የዕዝዝ።

ምርግጋጽ ቊጠባዊ ድሕነት፡ ምኽፋት ናይቲ ቊጠባዊ መኣድን ነቲ ሃገራዊ ቊጠባ ዘማዕብል ቅርዑይ ምሕደራ ሃገራዊ ጸጋታትን ይሓትት። ቊጠባዊ ልምዓት ሸቐለት ይፈጥር፡ ሃብቲ የፍሪ፡ ራህዋ የጕናጽፍ። ቊጠባዊ ድሕነት ዘቤታዊ ወፍሪ የተባብዕን ኤርትራውያን ዋኒንተኛታት፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ካልኦት ሃገራት፡ ናብ ሃገሮም ተመሊሶም ከውፍሩ፣ ኪብልጽጉ፣ ሃብቲ ኪፈጥሩ፡ ንሃገራዊ ልምዓት ከበርክቱ ይስሕብን። ብተወሳኺ፡ ግዳማዊ ቀጥታዊ ወፍሪ የተባብዕ። ኣብዚ፡ ቊጠባዊ ድሕነት መሰረት ሰሳኒ ዓቕሚ ምክልኻልን ሃገራዊ ድሕነትን ናይ ሓደ ሃገረ መንግስቲ ምዃኑ ከስምረሉ እደሊ።

ንወተሃደራዊ ድሕነት ብዚምልከት፡ ኤርትራ ሎሚ፡ ብመንጽር እተን ብተዛማዲ ዝደኸማ ጐረባብታ፡ ብቕዓት ናይ ግጥም ዘለዎ፡ ሃገር ኪከላኸል ዚኽእል ዕጡቕ ሰራዊት ኣለዋ። ኰይኑ ግን፡ ነዚ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ'ዚ ንምዕቃብን ንምድንፋዕን፡ ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሞያውነት ምልባስ፣ ዕጥቁ ኰነ ናይ እዝን ቊጽጽርን መዋቕራቱ ምዝማን፣ ዚተማልአን እናሰሰነ ዚኸይድን ሰረት ህዝቢ ምስፋሕ፣ ሰሳኒ ቊጠባዊ ልምዓት ምስልሳል፣ ተክኒካዊ ዓቕሙን ግብራዊ ክእለቱን ምህናጽ ይሓትት። ብተወሳኺ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ መበቈላዊ ሸቶታቱ ንምውቃዕ፣ ህድማ መንእሰያት ካብ ሃገር ንምግታእ ኰነ ንቡር ብዝሒ ወይ ሰሰን ሰረት ህዝቢ ንምኽኣል፣ ብመሰረት እቲ ዓንቀጻትን መንፈስን ናይቲ ዘቈሞ ኣዋጅ 82/1995 (23 ጥቅምቲ 1995) ኪትግበር ይጠልብ።

ብማዕረ ኣገዳስነት፡ ዲፕሎማሲ ግጭት ንምፍታሕ፡ ኩናት ንምውጋድ፡ ተጻብኦታት ንምዝሓል ኰነ ፖለቲካዊ ዕላማታት ኩናት ሸቶኡ ንምውቃዕ ኪዋፈር ዚኽእል ኣድላዪ መሳርሒ ሃገራዊ ድሕነት ኢዩ። ዲፕሎማሲ ኤርትራ ሎሚ፡ ብመደገፍታ ናይቲ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዘመዝገቦ ወተሃደራዊ ዓወትን ዝኸፈሎ መስዋእትን፡ ነዚ ኣገዳሲ መሳርሒ'ዚ ብምጥቃም፡ ነዞም ዚስዕቡ ሰለስተ ሸቶታት ንምርግጋጽ ኪሰርሕ ይግባእ፦

1. ወግዓዊ ኣፍልጦ ኢትዮጵያ ነቲ ብመግዛእታዊ ውዕል ዚተደረተ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፤

2. ኣካላዊ ምምልካት መግዛእታዊ ውዕል ዶብ ምስቲ *መምርሒታት ምምልካት* ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዘሳኒ ኣገባብ፤

3. ኣህጉራዊ ደገፍን ተፈላጥነትን ነቲ ሓባራዊ ዶብን ኣካላዊ ምምልካቱን።

ኣብ መውዳእታ ትንታኔ፡ ብንጹር ዚተመልከተን ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዘለዎን ዶብ፡ መጻኢ ግህሰታት ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ኤርትራ ንምውጋድ ይሕግዝ፣ ከም ድልዱል መሰረት ነባሪ ሰላም ምስ ኢትዮጵያ የገልግል፣ ድሕነት ሃገረ ኤርትራ የውሕስ።

ኣብዚ ንዝያዳ 30 ዓመታት ኣብ ስልጣን ዚጸንሓሉ እዋን፡ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ቅዋም ኤርትራ ምትግባርን *ግዝኣተ ሕጊ* ምስፋንን ኣብዩ ጸኒሑ። ኣብ ክንድኡ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሕጊ ዘኽብር፡ በቲ ንዘመናት ዘነባበሮ ድንጉግ *ሕጊ እንዳባኡ* ዚሕበን ሕብረተሰብ፣ ቃሕታዊ ግዝኣተ ሰብ ኣስገዲዱ። ህንጻት ናይ ተግባራዊ መንግስታዊ መሳርዕ፡ ሰራሪ መንግስታዊ ኣካላት ኰነ ዚሰርሕ ምምሕዳራዊ ትካላት ዓንቂፉ። እቲ ስርዓት፡ ቅዋማዊ ምሕደራ ኪተክል፡ ኣሳታፊ ፖለቲካ ከተኣታቱ፡ ማሕበራዊ ግስጋሰ ከምጽእ ይኹን ቍጠባ ከማዕብል ድሌት ይኹን ክእለት ኣይጸንሖን። መሰረታዊ ጠለባት ህዝቢ ዘማልእ ኰነ ኣድለይቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዘቕርብ ቍጠባ ከማዕብል ኣይከኣለን። እዚ ብቐዳምነት ሰኣን ሰናይ ድሌት ምዃኑ ንጹር ኢዩ። እቲ ኣዝዩ ዘደንጽው ግሪምቢጥ ድማ፡ እቲ ፕረዚደንት በቲ ኣብታ ሃገር ብቑዕ ኣካላውን ማሕበራውን ትሕተቅርጺ ይኹን ኣድላዪ ህዝባዊ ኣገልግሎታትን ኣቕሑን ዘይምህላው ዚውቀስ እቲ ንልዕሊ ሳላሳ ዓመታት ዚጸንሐ ምምሕዳሩ ክነሱ፡ ሓላፍነቱ ከም ዘይኰነ ንምምሳል ብተደጋጋሚ ዘስምዖ ኣሽካዕላሊ ብድዐ ኢዩ።

እቲ ውድዓዊ ሳዕቤናት ሜላታትን ተግባራትን መንግስቲ ነቶም ዚተፈላለዩ ባእታታት ሃገራዊ ድሕነት ዘዳኽምን ንልዑላውነት ሃገረ ኤርትራ ዘግድዕን ምዃኑ ከም ሓቒቕ ንጹር ኢዩ። ስለዚ ድማ፡ እቲ ስርዓት ነታ ሃገር ብግቡእ ከመሓድር ይኹን መሰረታዊ ጠለባት ህዝቢ ከማልእ ከም ዘይክእል ብግብሪ ኣርእዩ ኢዩ። ደሞክራስያዊ ምምንዛዕ ስልጣን ብህዝቢ ካብ ዚግባእ ነዊሕ ኰይኑ። ብመሰረታዊ ኣረኣእያ፡ ምትካል ቅዋማዊ ምሕደራ ሎሚ ጉዳይ ሃገራዊ ድሕነት፡ ጉዳይ ህላዌኣዊ ኣድላይነት ንቐጻሊ ምንባርን ራህዋን ናይ ናጻ ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራ፡ ኰይኑ ኣሎ።

ክንድ ዚኾነ፡ ርጉእ ስግግር ናብ ግዝኣተ ሕጊ ንምርግጋጽ፡ ብኤርትራዊ ዋንነት ዚእለ ሃገር-በቈል ለውጢ ምድራኽ ልዑል ኣድላይነት ኣለዎ። ሓርበኛታት ኤርትራውያን ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን፡ ርጉእ ስግግር ናብ ቅዋማዊ ምሕደራ ኣብ ምምጻእ እጃሞም ንምብርካት ቃልሶም ከወሃሃዱን ብሓባር ኪሰርሑን ይግባእ።

ኤሪ-ፕላትፎርም፡ ኣብዘን ዚሓለፋ ሽዱሽተ ዓመታት፡ ፕሮ-ደሞክራስያዊ ጕጅለታትን ተነጣጠፍቲ ውልቀሰባትን እናኣከበት ንምውህሃድ፣ ሓሳባትን ጸጋታትን ብምውህላል ንምጥርናፍ፣ ለውጥን ርጉእ ስግግር ናብ ቅዋማዊ ምሕደራን ኣብ ኤርትራ ኣብ ምድጋፍ ንምትሕብባር፣ ዚዓለመ ተኸታታሊ ሲምፖዝዩማት ከካይድ ጸኒሑ። ከም መቐጸልታ ናይዚ ጻዕሪ'ዚ ድማ፡ ኤሪ-ፕላትፎርም ነዚ ናይዚ ዓመት'ዚ ተኸታሊ ዋዕላ፡ *ኤርትራ ሲምፖዝዩም 2023*፡ ኣብ ትሕቲ *ምውሓስ ድሕነትን ልዑላውነትን ኤርትራ* ዚብል ቴማ የሰላስል ኣሎ።

ከምቲ ልሙድ፡ *ሲምፖዝዩም ኤርትራ 2023* እዞም ዚስዕቡ ዕላማታት ኣለዉዎ፦

1. ብርጡብ ሓበሬታ ዚተሰነየ ዘተ ኣብ ህሉው ኵነታት ኤርትራ ምስላጥን ብቑዕ መደብ ስራሕ ምእማምን።
2. ኣብ ዓወታት ናይቶም ዚሓለፉ ሲምፖዝዩማት ብምህናጽ፡ ኣብ ምስልሳል ርጉእ ስግግር ናብ ቅዋማዊ ምሕደራ ምውህሃድን ምትሕብባርን ምዕዛዝ።
3. ኣብ መንጎ ፕሮ-ደሞክራሲ ኤርትራውያን ተነጣጠፍቲ ኣብ ዳያስፖራ መርበብ ሓድሕዳዊ ርክብ ንምኹስኳስን ምትሕግጋዝን መድረኽ ምውዳድ።

እዚ ግሁድን ከፉትን ልዝብ ንምስላጥ ዚዓለመ ሲምፖዝዩም'ዚ ኣብ ሓሙሽተ ዚተዘማመዱን ተመላላእትን ቴማዊ ፓነላት፡ እንተላይ ሓደ ፓነል ናይ ሓፈሻዊ ሕቶን መልስን፡ ዚተወደበ ኢዩ። ነፍሲ ወከፍ ፓነል ብክልተ ኣቕረብትን ሓደ ኣላዛብን ዚቈመ ኢዩ።

*ፓነል 1: ረቛሒታት ሃገራዊ ድሕነት ሃገረ ኤርትራ፣*
*ፓነል 2: መንገዲ ነባሪ ሰላም ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፣*
*ፓነል 3: ምድራኽ ሃገር-በቈል ስግግር ናብ ቅዋማዊ ምሕደራ፣*
*ፓነል 4: መድረኽ ሓፈሻዊ ሕቶን መልስን*
*ፓነል 5: ጥርናፈ ኣብ ምክልኻል ሃገራዊ ድሕነት*

ኣብ መወዳእታ ትንታኔ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ልክዕ ከም ዚኾነ ካልእ ህዝቢ ኣብ መላእ ዓለም፡ *ኣብ ሓርነት፡ ሰላምን ራህዋን ዚተማልአ ህይወት ንምንባር ድሕነትን ጸጋን* ይግብኦ ኢዩ። ኤርትራውያን ኣብ ትሕቲ ግዝኣተ ሕጊ መሰረታዊ ሓርነታትን መሰላትን ኪረኽቡ ይግብኦምን ዘይግሃስ መሰል ኣለዎምን። ንሕና ኤርትራውያን ኣብ ገዛእ ሃገርና ብኽብረት ዘንብር ሰብኣዊ ድሕነት ይግባኣና ኢዩ።

ኣብ ኤርትራ ቅዋማዊ ምሕደራ ንምትካል፣ ሰብኣዊ ድሕነትን ልዑላውነትትን ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ፣ ድሕነት፡ ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ሃገረ ኤርትራ ንምውሓስ ምጥባቕ፣ ደሞክራስያዊ መሰልን ሃገራዊ ግቡእን ዜግነት ምኧኑ፡ ብልቢ እኣምን። ስለዚ እምበኣር፡ ሰብኣዊ ድሕነት ህዝቢ ኤርትራ ዘዐዝዝን ድሕነትን ልዑላውነትን ሃገረ ኤርትራ ዘውሕስን ሃገር-በቌል ርጉእ ስግግር ናብ ቅዋማዊ ምሕደራ ንምድራኽ ዝከኣለና ኣበርክቶ ንምግባር ነወሃሃድን ሓቢርና ንስራሕን።

ዕዉት ሲምፖዝዩም ኪኾነልና እትምነ።

ዕድመ ንናጻ ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራ!
ዘልኣለማዊ ሓበን ንጀጋኑ ሰማእታትና!
ፈጣሪ ንኤርትራን ህዝባን ይባርኽ!

ጽን ኢልኩም ስለ ዝሰማዕኩምኒ ኣመስግን።